1

ክርስትያን ተዓጠቕ ንጎይታኻ ኣመስግን
ልብኻ ምስ ኢድካ ናብ ኣምላኽካ ኣልዕል
መድሕን ተወሊዱ ቃል ብስራት ንገር
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣመስግን ብመዝሙር
ጥዑም ቃል ብስራት ኣብ ምድሪ ተሰምዐ
ኣብ ቤትልሄም ይሁዳ ኣብ መብልዕ ማል ተወልደ
ጌና ይመስል ነይሩ ግዚኡ ዘይበጽሐ
ብምዱብ ግዜ ግን መድሕንና ተገልጸ
ኣስምዕ ድምጺ ኣዋጅ ዝተነግረ ብነብያት
የሱስ ከም ዝተወልደ ተራእዮም ንጓሶት
ተገልጸ ንዓለም ኮነ ድሕነት ኣህዛብ
እልል በል ተሓጎስ ኣበስር ብስራት
እቲ ቀዳማይ ኣዳም ሞተ ብሓጥያቱ
ኣምላኽ ጸገወና ብዘይውዳእ ምሕረቱ
ናይ ይቕሬታ ኣምላኽ ሓደ ወዱ ሃበና
ዓለም ትተሓጎስ መድሕን ተወልደልና
ዕርዲ ናይ ጸላኢ ንሰይጣን ሰባሪ
ብሩህ ኮኾብ ጽባሕ ንቓሉ መኽበሪ
እመን ንኽትድሕን የሱስ ተወሊዱ
እዚ ጥራይ ኣይኮነን ምእንታኻ ሞይቱ

2

ምስኡ ክነብር ይናፍቕ እየ፡ ፍትወት ዓለም'ውን ሓዲገዮ እየ
ጐይታ ክመጽእ ክነቅሕ እየ፡ ብቕጽበት ዓይኒ ክንጠቕ እየ
ካብ ፍትወት ዓለም ተፈልየ፡ ንዘልኣለም ክነብር እየ
መዋቲ ስጋይ ተለዊጡ፡ የሱስ መሲለ ክነብር እየ
ዝፈትዎ ጐይታይ ገጹ ክርኢ፡ ንዕዑ ክረክብ እምነ እየ
ሓዘነይ ኩሉ ካባይ ክርሕቕ፡ ኢዱ ዘርጊሑ ንዓይ ይመርሕ
ጐይታ ክመጽእ ተዳልዩ እዩ፡ ኩሉ ሰብ ድማ ክብሩ ክርኢ እዩ
ስለዚ ኣነ እዚ ፈሊጠ፡ ብመንፈስ ጐይታ ክብርትዕ እየ

3

ንኣምላኽ ኣብ መቕደሱ ኣመስግንዎ
ኣብ ጠፈር ስልጣኑ ኣመስግንዎ
ትንፋስ ዘለዎ ኩሉ የመስግኖ
ክብሪ ምስጋና ውዳሴ ምስ ግርማ ይኹን ንዓኻ ፈጣሪና
ብበገናን መሰንቆን ኣመስግንዎ
ብሙሉእ ልብኹም ኣመስግንዎ
ትንፋስ ዘለዎ ኩሉ የመስግኖ
ብድምጺ መለኸት ኣመስግንዎ
ብኸበሮን እምብልታን ኣመስግንዎ
ትንፋስ ዘለዎ ኩሉ የመስግኖ

4

ብዘመን ኤሊ ክፍኣት ምስ በዝሐ
ንኣምላኽ ዘሐጉስ ምስ ተሳእነ
እግዚኣብሄር ጸውዖ ሳሙኤለይ ኢሉ
ህጻንነቱ ከይነዓቐ/2/ ምሂርዎ ጽድቁ
ንዓይ ውን የሱስ ንዘልኣለም ሓርዩኒ
ብጸጋ ክዓቢ መንፈሱ ሂቡኒ
ንኽብሩ ክሰግድ ከመስግኖ እየ
ኣብ ቤቱ ክነብር ከገልግሎ እየ
እቲ ንዳዊት ካብ ኣሕዋት ዝነኣሰ
ኣባጊዕ ኣብኡ ዝጓሲ ዝነበረ
ጐይታ ጠሚቶ ውሉደይ ኢሉ ጸውዖ
ክቡር ሰብ ጌሩ ንጉስ እስራኤል/2/ ክኸውን ሸሞ
ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ጸላኢ ደለየ ክቐትሎ
ብምኽንያት ዓሌቱ ካብ ምድሪ ክጥፍኦ
ግን ኣምላኽ ንሙሴ ብዘደንቕ ኣድሓኖ
ንህዝቡ ሓራ ከውጽኦ/2/ ሓይሉ ኣዕጠቖ

5

ሃሌሉያ በሉ ዘምርሉ
ሃሌሉያ በሉ ስገድሉ
ምስጋና በሉ ኣኽብርዎ
ብኽብሪ ይመላእ ዙፋንካ
ኣኽራናት ይግዓዙ ብስምካ
ኣህዛብ ይንቀጥቀጡ ንኽብርኻ
ናይ ነፍሳት ምስጋና ይብጻሕካ /2/

6

ዎ እግዚኣብሄር ሓይለይ የፍቅረካ እየ
እግዚኣብሄርሲ ከውሓይ ዕርደይ መናገፍየይ
ኣምላኸይ ዝሃድመሉ ጸግዐይ
ዋልታይ ቀርኒ ምድሓነይ

7

ፍትወይ ናተይ እዩ፡ ኣነ ድማ እየ ናቱ
ለይትን ቀትርን ዝሓልየለይ
ኣነ ናቱ የሱስ ናተይ /2

8

ብህይወትካ ህይወት ሂብካኒ
ብጸጋኻ ተሰኪምካኒ የሱስ
ክዝምር እየ ከመስግነካ
ክነግረሉ ነቲ ውዕለትካ

9

ሃሌሉያ ስምካ ይባርኽ
ሃሌሉያ ኣነ ይውድሰካ
ሃሌሉያ ስለቲ ግብርታትካ
ሃሌሉያ ንውዱቕ ምልዓልካ
ንሓጥ ምፍቃርካ